Tigrinya

„በተን መዓልትታት እቲኣተን ካብ ኵሉ ቛንቋታት ኣህዛብ ዝኾኑ ዓሰርተ ሰብ ንሓደ ኣይሁዳዊ ዘፈር ክዳኑ ሒዞም፣ እግዚኣብሄር ምስኻትኩም ከም ዝኾነ ሰሚዕና ኢና እሞ፣ ምሳኻትኩም ክንከይድ ኢና፣ ኪብሉ እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።“ (ዘካርያስ 8:23)

ለውጢ ኣብ ቤተ ክርስትያን ህያው ምግባር - ብሓቅነትን ብእምነትን



# ሓዋርያዊ መልእኽቲ

ኣብ እዋን ጾመ ፋሲካ 2024

ብ ዶ/ር ጊዮርጊስ በትሲንግ: ጳጳስ ሰበኻ ሊምቡርግ

ክቡራት ኣሓትን ኣሕዋትን ብእምነት፡

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይ ሓዲሽ ዓመት ጸብጻብ ዝግበረሉ እዋን ስለዝኾነ፡ ብዙሕ ጻዕቂ ኣሎ። ኣብ‘ዚ እዋን‘ዚ እዋን ዓመታዊ ሕሳብን ጸብጻብን ስለዝኾነ፡ ዓመታዊ ሚዛን ዝካየደሉ እዋን እዩ። ክሳራን መኽሰብን ኣወዳዲርካ እቲ ትካል ትርፍን መኽሰብን ከም ዝገበረ ትመዝን። ብኡ መሰረት ድማ እቲ ትካል ዕዉት ከምዝነበረ ትግምት።

ብዛዕባ ዝሓለፈ ዓመት ሚዛን ምሃብን ንቅድሚት ምጥማትን፡ ኩሉ ክገብሮ ዘለዎ እዩ። ዓወትን ውድቀትን፡ ዕብየትን ደውታን ዝምዘኑሉ እዋን ኮይኑ፡ ብዝያዳ ኣዉንታዊ ክኸዉን ተስፋ ምግባር እዩ። እዚ ከኣ ናይ ደቂ ሰባት ባህርያት እዩ። ብዓለም ደረጃ „ዓመታዊ ጸብጻብ“ ክነካይድ ምስ እንፍትን ግን፡ ኣብ‘ዚ እዋን‘ዚ ኣብ ተስፋ ዘይህብ ኩነታት ንርከብ። ብኣዉንታዊ ሚዛን ክንርእዮ እንተፈቲና፡ ንጠንቅታት ስደት ምፍታሕ፡ ንብከላ ኣየር ምስ ቁጠባዉን ኦኮሎጂካዊ ሳዕበናቱን ምስ እንዕዘብ፡ ኣሉታዊ ሚዛን ይወሃቦ። ግብረ-ሽበራን ዉግእን ሳዕበኖም ክሳራ ጥራሕ ምኻኖም፡ ደቂ ሰባት ነዚ ኣብ ግምት ኣቀሚጦም ክመሓየሹ ኣይከኣሉን፡ ተስፋ ዘይህብ ኣሉታዊ ኩነት እዩ። ልክዕ እዩ፡ ዓለም ብዙሕ ከሲራ እያ፡ ብዙሓት እውን ሂወቶም ስኢኖም።

ኣብ ቤተ-ክርስትያን እዉን ብዙሕ ከሲርና ኢና። ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ብዙሓት ኣባላት ካብ ቤተ-ክርስትያን ስሒቦም። እቲ ዘሰምብድ ማእለያ ዘይብሉ ቁጽሪ ምግዳፍ ቤተ-ክርስታያን፡ ኣባላት ዉልቃዊ ሚዛን ወሲዶም፡ ካብ ቤተ-ክርስትያን ርሒቆም። በዚ ምኽንያት ከኣ ወላ ሓደ‘ዉን ካብ ቤተ-ክርስትያን ክርሕቅ ሕማቅ ይስመዓኒ።

## ርሕቀት ካብ ቤተ-ክርስትያን ዝሸፈን ኣይኮነን

ከምቲ ካብ ነዊሕ እዋን ዝገመትናዮ፡ ዓመታዊ ጸብጻብን እስታቲስቲክን ከምኡ`ውን መጽናዕቲ ብዛዕባ ኣባልነት ቤተ-ክርስትያን ከምዘርኣይዎ፡ ኣብ ልዕሊ 5000 ሰባት ዝተኻየደ ወካሊ ሓፈሻዊ ህዝባዊ መጽናዕታዊ መርመራ (ኣመንትን ዘይኣመንትን፡ ኣባላት ቤተ-ክርስትያንን ዘይኣባልትን) ንመጀመርያ ግዜ ንካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን መጽናዕቲ ተኻይዱ። ዉጺኢት ናይ እዚ መጽናዕቲ ድማ፡ ክልቲኤን ቤተ-ክርስትያናት ኣብ መንገዲ ዕንወት ከምዘለዋ የርኢ። ሳዕበኑ ድማ ጉድለት ኣባልነትን ጽልዋ ቤተ-ክርስትያን ኣብ ሕብረተ-ሰብ እናጠፋኤ ምኻዱ እዩ። 48 ካብ ሚእቲ (48%) ካብ መላእ ህዝቢ ተቀማጦ ጀርመን ኣባላት እተን ክልተ ዓበይቲ ቤተ-ክርስትያት እዮም። ብዙሓት እዉን እግዚኣብሔር ይኹን እየሱስ ክርስቶስ ከምዘየሎ እዮም ዝኣምኑ። ሽሕ እዉን ኣብ ልዕሊ ቤተ-ክርስትያን ዕቃቤ ምህላው ሓቅነት እንተለዎ፡ በቲ ሓደ ሸነኽ ግን ደቂ ሰባት እምነቶም ካብ ዉሽጢ ቤተ-ክርስትያን ናብ ዉልቃዊ ሂወቶም ሒዞሞ ይኸዱ። ካብ ቤተ-ክርስትያን ወጻኢ ትነብሮ እምነት ግን ዳርጋ ህሉው ኣይኮነን። ኣብዚ ኩነታት እዚ ሂወትካ ንምምራሕ ዝህልዉኻ ናይ እምነት ዕግበታት ዳርጋ ትርጉም ከምዘይብሎም እዮም። ሃገርና ዕልመናዊት እናኾነት እያ ተኸይድ ዘላ፡ ከምኡ`ውን ዝበዝሐ ህዝቢ ኣብ እምነት ዕግበት የብሉን።

ብዛዕባ ጥቡቅ ዝምድና ምእመናን ምስ ቤተ-ክርስትያን ዘለዎም ክረኤ እንከሎ`ውን ፍሉይ ስእሊ ይረኤ። 4 ካብ ሚእቲ ካቶሊካውያን ከምኡ`ውን 6 ካብ ሚእቲ ኣመንቲ ወንገላዊት ቤተ-ክርስትያን ጥቡቅ ዝምድና ምስ ቤተ-ክርስትያኖም ከምዘለዎም ይሕብሩ። ብፍላይ ግን ኣብ ልዕሊ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ዘሎ እምነት ኣጸቢቁ ጎዲሉ እዩ።

ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ኣመንቲ ካቶሊክ ካብ ክትልኽና ክወጽእ ምኻኑ ይሕብሩ፡ ሓደ ሲሶ ጥራይ ናይ ምውጻእ መደባር ከምዘይብሉ ይሕብር። ከምዚ ዓይነት ኣሉታዊ ምዕብልና ኣነኣኢስካ ክትርእዮ ብጣዕሚ ሓደገኛ እዩ። ነዚ ኩነታት ብወድዕነት ክንመዝኖ ይግባእ። ክንድ'ዚ ርሕቀት ካብ ቤተ-ክርስትያን ብጣዕሚ ዘሕዝን እዩ። እምነትናን ጥምረትናን ምስ ቤተ-ክርስትያን ካብ ወሎዶ ናብ ወሎዶ ክነሰጋግሮ ኣይከኣልናን።

## ወድዓዊ ህሉው ኩነታት ኣብ ጉዕዞና የቓኑፉና ኣለዉ

ከምቲ ኣብ ግዜ ዉልቃዊ ሓዘን፡ ኣብ ከባቢ ቤተ-ክርስትያን እዉን ግዜ ተቃዉሞን ግዜ ምኽንያት ምድላይን ኣሎ። ነቶም ሓደ ሽነኽ እዛ „ዝተረግመት“ ዓለም ምስ ቁጠባዊ ዕብየትን ጣዕምን ጾታዊ ምስማይን ኮይኑ ይርከብ። እዚ ተርእዮ እዚ ድማ ንከባቢ ቤተ-ክርስትያን እዉን እርኪቡሉ እዩ። ከምዚ ዘመሰለ ዛንታ ተቀባልነት እናረኸበን ምኽንያት እናተደልየን እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ጀርመናውያን ካቶሊክ ኣይኮኑን ካብ ዓለምለኻዊት ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ዝርሕቁ ዘለዉ። ብኣንጻሩ ግን ናይ ሮማ ለዉጢ ዘይምድላይን ብዘዕባ ዘሎ ቅርጻዊ ምዝመዛን ብሓቅነት ፍታሕ ክትገብር ድሉው ዘይምኻንን እዩ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ሰባት ካብ ቤተ-ክርስትያን ዝርሕቁ።

ሽሕ እኳ ብክሊቲኡ ሽነኻት ሓቅነት እንተሎ፥ ድኻም፡ ተስፋ ምቁራጽ ከምኡ`ዉን ብሓዘን ዝተሰነየ ምስእን ሓይሊ ንኻልኦት ጠንቂ ምግባር ፍታሕ ኣይኮነን። እዚ ኣረኣእያ እዚ ግን ሓዲሽ መንገዲ ፍታሕ ዘምጽእ ኣይኮነን። እዚ ፍሉይ ተርእዮ ናይ ዘይምእማንን፡ እግዚኣብሔር ክኢላ ምኻኑ ዘይምዕጋብን እዩ።

ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ ካብ ተመኩሮታት ሂወተይ ዘዕግበኒ ጉዳይ እንተልዩ፡ ሓቀኛ ኩነታት ብምሕዝነት እዩ ዝቅበለና። እግዚእብሔር ናይ ታሪኽ እግዚእብሔር እዩ። እግዚእብሔር ኣብ ቦታናን ኣብ ግዜናን ከምዝተራእየን እየሱስ ሰብ ከምዝኾነን ኢና ንኣምን። እዚ ድማ ናይ እምነት ሓቅነት እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ንኣይ ኩዉንነት ዓለም ኣብዚ እዋን እዚ ምድላይ ኣምላኻዊ ኣሰር እዩ። ዓዕየንትና ዐዓሚትና ኣብ ከባቢና ንዝኸዉን ክንዕዘብ ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ብመጀመርያ እትርእዮ ዘሰንብድን ዘየዕግብን እንተኾነ፡ ካልኣይ ግዜ ምጥማት ግን ንቅድሚ ሕጂ ንዝነበሩ ኣተሓሳስባ ዝሰብርን ሓዲሽ ንምርእይ ዝሕግዝን እዩ።

## ልምዲ ምስባርን ኣተሓሳስባ ምቅያርን

ህሉው ኩነታት ኩሉ ግዜ የጋጥመና እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ደጊምና ንመጽናዕቲ ብዛዕባ ኣባልነት ኣብ ቤተ-ክርስትያን ዝተኻየደ ንተዓዘብ። እዚ ከኣ ንኣይ ብጣዕሚ ዘገርም ተርእዮ እዩ።

▶ ሽእ`ዉን ብዙሓት ካብ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን እንተወጹ፡ ብዙሓት ካቶሊካዉያን ግን ጽቡቅ ከምዘይስመዖም እዩ ዘርኢ። ኣብዚ ኩነታት እዚ ዘይተገዳስነት ዘይኮነስ፡ ብዝያዳ ደኣ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ምስ ዘሎ ሕርቃንን ቁጠዐን ዝተሰነየ እዩ። ብዙሓት ቤተ-ክርስያን ምግዳፎም የሰቅዮም እዩ። እዚ ተርእዮ እዚ ድማ ካብቲ እነካይዶ ዝርርብ ንዕዘቦ እዩ።

▶ ናይቶም ኣብ ቤተ-ክርስትያን ዝተረፉ ኣባልት ትጽቢትን ድልየትን ካብ ቤተ-ክርስትያን እንተተዓዘብና፡ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ብዝያዳ ኣንጻር ድኽነትን ምእንቲ ፍትሕን ክትቃለስ ትጽቢት ኣለዎም። እዚ ተርእዮ እዚ እዉን ናይ እቶም መብዛሕቶኦም እምነት ዘይብሎም ትጽቢት ካብ ቤተ-ክርስትያን እዩ። ትጽቢትን እምነትን ኣብ ልዕሊ ቤተ-ክርስትያን ክህሉ እንተኾይኑ፡ ቤተ-ክርስትያን ምእንቲ መሰል ስደተኛታን እንተተጣቢቃ፡ ኣንጻር ፍግረ-መሬትን ብከላ ዓለምን ከምኡ`ዉን ኣንጻር ድኽነትን እንተተቃሊሳ፡ ቤተ-ክርስትያን ብዝያዳ ተቀባልነትን እምነትን ትረክብ።.

▶ ብዙሕ ግዜ ዕቃቤ „ብኣብዘሓ ናይ ሱቅ መርገጽ“ ዝሓዙ ኣብ ልዕሊ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ለዉጢ መስርሕ ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ከምዘይቅበልዎ ይሕበር። ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕትን ሓተታን ከምዘርኣዮ ግን፡ እቲ ኩነታት ከምኡ ከምዘይኮነ የርኢ። 96 ካብ ሚእቲ (96%) ካቶሊካዉያን ግን ከምዚ ይብሉ፥ „ቤተ-ክርስትያነይ ቀጻልነት ክህልዋ እንተኮይኑ፡ መሰረታዊ ለዉጢ ክትገብር ኣለዋ“ ይብሉ። እቶም ቀንዲ ኣርእስትታት ድማ ግብረሰዶምነት፡ ተሳትፎ ምእመናንን ህዝብን፡ ኣብ ነጻ ድልየት ዝተመርኮሰ ጉዳይ መርዓ ካህናት ከምኡ`ዉን ሕብረትን ብሓባር ምስራሕን ክርስትያንን ቤተ-ክርስትያናትን ኣብ ዓለም ኣዮም። ሳዕበን ናይ`ዚ ግን ነዞም መሰረታዉያን ዓንድታት ኣንጻር ዕቃቤ ምእመናን ምትግባር ኮይኑ፡ እዚ ከኣ ኣብ ዝያዳ ዘይተቀባልነትን ጎነጽን ካብ ቤተ-ክርስትያን ምውጻእን ከስዕብ እዩ። ለዉጢ ምክያድ ኩሉ ጸገማት ቤተ-ክርስትያን ክፍታሕ ማለት ኣይኮነን፡ ግን ለዉጢ እንተዘይተኻየዱ፡ እቲ ኩነታት እናገደደ ክኸይድ እዩ።

▶ እቲ ንኣይ ዝገርመኒ ግን፡ ልዕሊ ፍርቂ ኣባላት ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ብነጻ ወለንትና ሰባት ይሕግዙ። እዚ ቁጽሪ እዚ ድማ ልዕሊ ኩሉ ገምጋም (ኣቨረጅ) ህዝቢ ጀርመን እዩ።

እዚ ኸኣ ናቱ ምኽንያት ኣለዎ። ምኽንያቱ ድማ ማሕበራዉነትን ርኹብነትን ናይ ኩሎም ደቂ ሰባት ኣገዳሲ እዩ ስለ ንብል እዩ።

▶ ተቀባልነትን ድልየትን ኣብ መሮን ይኹን ኣብ መጀመርያ ቁርባን ክሳብ ሕጂ ላዕሊ እዩ። ሓደ ሲሶ ተቀማጥ ጀርመን ናይ ቤተ-ክርስትያን ትካል መዉዓሊ ህጻናትን ቆሉዑን ከም ዝበጽሑ ይፍለጥ። ናይ ቆሉዑትን መንእሰያትን ቀረባት ቤተ-ክርስትያን ክሳብ ሕጂ ተቀባልነት ኣለዎ። ብኣንጻሩ ግን፡ ኣብ ንእስነቱ ምስ ቤተ-ክርስትያን ርክብ ዘይነበሮ፡ ደሓር እዉን ዝምድና ኣይገብርን እዩ።

▶ ኣብ መደምደምታ ግን፡ በቴ-ክርስትያናት ክሳብ ሕጂ ዓቢን ሰፍሕን ጽልዋ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ከምዘለዎ ይረኤ። ብፍላይ ድማ ቁምስናታትን ቦታ በቴ-ክርስትያናትን፡ ናይ ካሪታስ ትካላትን፡ ናይ ትምህርቲ ትካላትን ናይ ምኽሪ ትካላትን ኣብ ሕብረተ-ሰብ ዓቢ ጽልዋ ከም ዘሎ ንፈልጥ። ሓደ ሲሶ ናይ ኩሎም ዝተሓቱ ዝምድናን ርክብን ምስ ናይ ቤተ-ክርስትያን ሰራሕተኛታትን ትካላትን ከምዘለዎም ይሕብሩ።

## ኣብ መደምደምታ ኣይበጻሕናን፡ እግዚኣብሔር ማዕጾ መጻኢ ክኸፍተልና እዩ

ዝተፈቶኹም ኣሓትን እሕዋትን ብእምነት፡ እዚ ኩሉ ዝቀረበ ርእይቶታት እንታይ ይስዕብ? ንሕና ኣብ መደምደምታ ኣይበጻሕናን። ግን ሓደ ን 150 ዓመታት ንእምነት ዝጸለወን ዝጸንሔን ፍሉይ ማሕበራዊ ቅርጺ ኣብ መደምደምትኡ እዩ ዘከይድ ዘሎ። ሎሚ እንተኾነ እዉን ምንጭታት እምነት እናፈልፈሉ እዮም ዝሐዱ ዘለዉ። ምኽንያቱ ድማ እግዚኣብሔር ኣብ መብጻዕቱ እዩ ዘሎ።

ኣነ እዉን ኣብዚ ኣትሪረ እየ ዝኣምን፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ እቲ ቃል ነቢ ዘካሪያስ ተስፋ ዝህብ እዩ። ንሱ ድማ „እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ህዝብታትን ኣብ ብዙሕ ከተማታት ዚነብሩን ገና ኪመጹ እዮም። ኣብታ ሓንቲ ዚነብሩ ናብታ ኻልእ ኪኸዱ እዮም እሞ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክንምህለልሲ፣ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከኣ ክንደሊ ንኺድ፣ ኣነውን ክኸይድ እየ፣ ኪብሉ እዮም። ብዙሓት ህዝብታትን ሓያላት ኣህዛብን ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኣብ የሩሳሌም ኪደልይዎ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከኣ ኪምህለሉስ ኪመጹ እዮም። በተን መዓልትታት እቲኣተን ካብ ኵሉ ቛንቋታት ኣህዛብ ዝኾኑ ዓሰርተ ሰብ ንሓደ ኣይሁዳዊ ዘፈር ክዳኑ ሒዞም፣ እግዚኣብሄር ምስኻትኩም ከም ዝኾነ ሰሚዕና ኢና እሞ፣ ምሳኻትኩም ክንከይድ ኢና፣ ኪብሉ እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።“ (ዘካርያስ 8፡20-23 ተመልከት)። እግዚኣብሔር ምሳና እዩ ዝኀዓዝ፡ እዚ ኸኣ ናይ ኩሎም ኣመንቲ መሰረታዊ እምነት እዩ። ከምቲ ራቢ ካብ ናዝሬት እየሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ዝገበሮ፡ ኩላትና ክርስትያን ብኡ ንኣመን። እዚ ኸኣ ሓፍ ኢልካ ንኽትኀዓዝን ንኽትብገስን ዘተባብዕ እዩ። ከምቲ ናይ ስነ-መለኮት ተመራማሪ ፉልበርት ስተፋንስኪ (Fulbert Steffensky (*1933)) ዝበሎ „ከምቲ እቶም ደቂ ሰባት ምስ ምስጢር ክራኸቡ እንከለዉ፡ ኣብቲ ዘለዉዎ ቦታ ደው ዘይብልዎ ...“ ኣብ ካልእ ቦታ ከይዶም ዕድሎምን ድሕነቶምን ይጽበዩ። ሁከትን ዘይታሕጋስን ኣብ ዓዶምን በትኦምን ምስ ዘቓንፎም ቤቶም ገዲፎም ይስደዱ። እዚ ከኣ ሓድሽ ምድላይ ኮይኑ፡ መሰረታዊ ምንቅስቃስ እምነት እዩ። ምስ እዚ ተርእዮ እዚኸ ቤተ-ክርስትያናትና ከመይ ይኀዓዛ?

## ተበግሶን ተገዳስነትን ምልዕዓል

ብግሉጽ ዓለም ካባና ክትፈልጥ እንተዘይደሊያ፡ ኣብ ናይ ከባቢና ቤተ-ክርስትያናዊ ስራሓት ተቖሪንና ንኽንተርፍ፡ እቲ ፈተነ ዓቢ እዩ። ግን ካብ ኩሉ ምስሓብ ናይ መጻኢ ፍታሕ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ደኣ ኣነ ካልእ ዕግበት ኣሎኒ። ንሱ ኸኣ፡ ሕቶና ንሕና እንታይ ክንከዉን ኢና ዘይኮንሰስ፡ ብዘይ ዉልቃዉነትን ንኻልኦት ይጥዓሞም ብምባልን እናኣመና፡ ብዉልቃዉን ሓባራዉን ኣገባብ ንእምነት ብኹሉ ሸነኻቱ ምቅራቡ ከድልየና እዩ።

ኣብ ዉልቃዊ ጥቅሚ ዘይተመርኮሰ ስራሕን ብዛዕቡኡ ምዝራብን ከምኡ`ዉን ንምንታይ ከምኡ ከምንገብርን፡ ንምንታይ ንኣና ኣገዳሲ ምኻኑን ንኣና ብዉሽጥና እንታይ ከምዝደፍኣናን ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።

ምናልባት ኣብዞም ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት ደቂ ሰባት ቤተ-ክርስትያን እንታይ ምኻናን እምነት እንታይ ምኻኑን ከምእንፈልጥ ዉሁብ ገርና ሪኢናዮ። ግን ከምኡ ዓይነት ተረድኦ ክህልወና የብሉን፡ ንደቂ ሰባት እዉን በቲ ናይ ቤተ-ክርስትያን ጉዕዞ ኣገባብን ሕቶ ከምዘልዕሉ ክንገብሮም የብልናን። እዚ ንኣይ ኣገዳሲ ድርኺት እዩ። እዚ ግን ከመይ ኢሉ ክኸውን ክትግበርን እዩ? ብሸነኸይ መፍቲሒታትን ዉጥናትን ንከቅርብ ኣይደፍእን እየ። ምኽንያቱ „ካብ ደገ“ ወይ`ዉን „ካብ ላዕሊ“ ዝመጹ ኣዓወቲ ኣይኮኑን። ዝያዳ ኣድማዕነት ዝህልዎ ኣብ ናይ እምነት ቦታ እዩ። ንሳቶም ከኣ ቦታ ቤተ-ክርስትያናት፡ ቁምስናታት፡ ኣብ መኣከቢ ቦታታትን ከምኡ`ዉን ኣብ ቀረብ ዝርከበሎም ትካላት ቤተ-ክርስትያን እዮም። ምናልባት እዉን ነዞም ሓደስቲ ቤት-ምኽሪ ቁምስናታት ጽቡቅ መበገሲ ክኸዉን ዝኽእል፡ ብሓቅነትን ብዘይ ስሚዒትን ንዉጽኢት ምርምር ኣባላት ቤተ-ክርስትያን መሰረት ብምግባር፡ ንሓቀኛ ኩነታት ቁምስናታት ምንጽብራቅን ኣገደስቲ ናይ መጻኢ ዛዕባታት ምርኣይን ከድሊ እዩ። ኣብ`ዞም ዝሓለፉ እዋናት ዝረኤኽዎ ናይ ረክላም ጽሑፍ (ሌላ ጽሑፍ) ናይ ካቶሊካዊ ማሕበራዊ ትምህርታዊ ጽፍሒ ጉጀለ ስራሕ (Arbeitsgemeinschaft katholisch-sozialer Bildungswerke) ብዓበይቲ ፊደላት ዝተጻሕፈ ከምዚ ኢሉ ይሓትት፥ „ንስኻ ዲኻ እቲ ለዉጢ እቲ ሕብረተ-ሰብና ዝደልዮ?“ ካብዚ ተበጊሰ ድማ ኣነ፥ እወ፡ ኣነ ነቲ ቤተ-ክርስትያንና እትደልዮ ተውጢ ክነብሮ ይደሊ እየ። ብዝያዳ ድማ ምስ ብዙሓትን ካልኦትን እዉን ብሓባር ክትግብሮ ይደሊ እየ።

ሊምቦርግ፡ ቀዳማይ ናይ ጾም ሰንበት 2024

ናትኩም ጳጳስ

## Fragen zum Weiter-Denken – Fragen zum Um-Denken:

### ICH ZIEHE BILANZ:

- Geht das beim Glauben? Wie?
- Wie schätze ich die Lage der Kirche ein?
- Was bringe ich in die Kirche ein?

### ICH BIN EHRLICH:

- Welche Fragen habe ich?
- Wo erlebe ich Veränderungen in der Kirche?
- Wo rede ich mit anderen Menschen über die Kirche?
- Mit wem spreche ich über meine Gedanken zur Kirche?

Bibelarbeit zum Hirtenwort

IMPULSFRAGEN

## DIE WIRKLICHKEIT IST FREUNDLICH:

- Wo erlebe ich das?
- Was hilft mir, das zu sehen?
- Wo sehe ich Spuren von Gott in der Welt?

## ICH BRECHE AUF:

- Wie spreche ich Menschen an?
- Was erzähle ich von meinem Glauben?
- Wie gestalte ich Zukunft?
- Wie wird es besser?

## ICH BIN BEI DEN MENSCHEN:

- Wo sehe ich Menschen in Not?
- Für wen setze ich mich ein?
- Wie helfe ich anderen Menschen?
- Wie spreche ich über meinen Glauben?
- Was heißt für mich: Ich folge Jesus nach?

.

